ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ እንደርታ ንሴክተራት ኣገልግሎት ዝውዕል ኤሌክትሮኒክስ ዕድጊት ክፍፅም ይደሊ ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጉንበት 2, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 14, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:እንደርታ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 14, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ናይ 2011ዓ/ም ፍቃድ ንግዲ ዘሐደሰን መለለይ ቁፅሪ ከፋሊ ግብሪ ዘለዎን ክከውን ኣለዎ፤

2 ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋብን ዝኾነን ናይ 2011ዓ/ም ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዝገበረሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል፤

3 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት መቅረብቲ ምዝገባ ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል፤ ቲን ናምበር ከቅርብ ዝክእል፤

4 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ እንደርታ ክፍሊ ቁፅሪ 02 ምውሳድ ይከኣል፤

5 ፋይናንሻለን ቴክኒካልን ሰነድ ነንበይኑ ዓሺጉ ከቅርብ ዝክእል፤

6 ተጫረቲ መክበሪ ጨረታ ቢድቦንድ 5000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ብናይ ሲፒኦ ባንኪ ዝተረጋገፀ ወይድማ ብጥረገንዘብ ከትሕዝ ዝክእል፤

7 ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ 14/09/2011ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ታዓሺጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4፡30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት::

8 ሰዓራይ ዝፍለየሉ ንዝተሓተቱ ንብረት ብዝተሓተ ዋጋ ዘእተወ ሰዓራይ ይከውን፤

9 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ዋና ቅዳሕን ንንበይኑ ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ሓደ ዓብዩ ፖስታ ብምጥቅላል ናብቲ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትዉ ኣለዎም። እቲ ፖስታ ናይ ተጫረቲ ሙሉእ ኣድራሻ፣ ማህተም፣ ፊርማ ንክህልዎ ኣለዎ:: ስርዝ ድልዝ ክህልዎ የብሉን እዚ ንዝገበረ ተጫራቲ ድማ እቲ ዘቅርቦ ሰነድ ጨረታ ተቀባልነት የብሉን:: ኣብቲ ልዕሊ ፖስታ ድማ ብማርከር ንፁር መረዳእታ ክዓርፎ ይግባእ::

10 እቲ ቤት ፅሕፈት ክሳብ 20 ሚእታዊ ናይ ምውሳክን ምቅናሰን መሰል ኣለዎ::

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ ኣመራፂ እንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

ንዝበለፀ ሓበሬታ 0342-400403 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle